# ለካስ ሕዱር ሕማም'ዩ ሒዝዎ

## ብተስፋማርያም ብርሃነ

01.04.2007

በሺር ይስሓቕ፡ ኣብ ህዝቢ ከበሳን ኣብ ክርስትያን ድማ ብፍላይ ዘለዎ ኣሉታዊ ኣርኣእያታት በጨቕ ምባል ካብ ዝጅመር ሓጺር ግዜ ኣይኰነን። ንህዝቢ ከበሳ (ክርስትያን) ብኮምንዱስን ብማሕበር ኣንድነት ምስ ኢትዮጵያን ዝገልጽ ጽሑፋቱ ኣብ ኢንተርነት ምስ ኣቓልቀለ ዝተፈጥረ ቍጥዐ ቀሊል ከምዘይነበረ ዝዝከር ኢዩ። እንተይተጋገየ ግን፡ ድሕር'ዛ ኣብ ታሕቲ ሰፊራ ዘላ ብለምለም ጽሃየ ዝተዋህበቶ መልሲ'ዩ መስለኒ ተጋግየ ይቕረ በሉለይ ዝበለ ኰይኑ ይስምዓኒ። ኣብ'ዚ ቀረባ እዋን ከኣ፡ በሺር ገዛ ገዛ እናኸደ፡ ኢሳያስ ከመይ ኢሉ'ዩ ኣብ ስልጣን መጺኡ? ክንግምግሞ ኣሎና፤ ክርስትያን እኳ'ዮም ናብ ስልጣን ኣምጺኦሞ እናበለ ክጕስጕስ ከምዝቐነየ፡ ካብ እሙናት ምንጪታት ሰሚዐ ጸኒሐ። ሎሚ፡ እንደገና ኣብ መጋባእያ ወጺኡ፡ ሓበሽ(ክርስትያን) ዝነገሰ ንጉስና፡ ዝበረቐ ጽሓይና ኢዮም ኢሉ ደፊሩ ክኸስስ ምብጋሱ ድማ፡ በሺር ጌና ብሕዱር ሕማም ይሳቐ ምህላዉ ንምርዳእ ዘጸግም ኣይመስለንን።

ነየኖት ሓበሻ'ኸ ኢዩ ከምዚ ኢሉ ዝኸስስ ዘሎ? ንናይ ኢትዮጵያ ሓበሻ ድዩ? ኣይመስለንን። ሓውና በሺር ገለ ትምህርቲ ስለዝቘጸረ፡ ኣብ ኣፍሪቃ ብባዕዳውያን ዘይተገዝአት ሃገር ኢትዮጵያ ጥራሕ ምዃናን፤ ህዝቢ ኢትዮጵያ ብሃጸይ ሃይለስላሰን ብደርግን ኣይግዛእን ኢሉ ተላዒሉ ከምዘውደቖም ኣንቢቡን ሰሚዑን ክኸውን ስለዝኽእል፡ ክሱ ኣብ ርእሲ ናይ ኢትዮጵያ ሐበሽ ከምዘይኰነ ብሩህ ኢዩ።

ካብ'ዚ ተበጊሰ፡ ኣብ ልዕሊ'ቲ ቅድሚ ሕጂ ኣብ ልዕሊ ከበሳ(ክርስታያን) ዝሰንዘሮ ነውራም ክስን፤ ኢሳያስ፡ ብደገፍ ናይ ክርስትያን'ዩ ናብ ስልጣን መጺኡ ዝብል ጕስጓሱን ተደማሚሩ፡ ንህዝቢ ከበሳ፡ ብስርዓት ኢሳያስ ዓጊቡ ይኸይድ ኣሎ ንምባል ዘምጽኦ ክሲ ምዃኑ ንምግማት ኣይጸገመንን።

ክንደይ ካብ ህዝቢ ከበሳ(ክርስትያን) ኣብ ኣብያተ-ማእሰርቲ ናይ ስርዓት ኢሳያስ ተመቚሑ ይሳቐን ይሃልቕን ከምዘሎ፡ እትረፍዶ ኤርትራውያን ወጻእተኛታት ውን ዝዛረብሉን ዝምስክርሉን ዘለዉ ሓቂ ስለዝኾነ፤ ሓውና በሺር እዚ ጠፊእዎ'ዩ ዝብል ተረድኦ የብለይን። እዚ ኣብ ምድረ-በዳታትን ኣብ ውቅያኖሳትን ዝሃልቕ ዘሎ መንእሰይ ውን፡ ጭቆና ስርዓት ኢሳያስ ዝመረሮ ምዃኑ ዝስሕቶ ሰብ ዘሎ ኣይመስለንን። ኣብ'ዚ ብብዝሒ ዝስደድን ንዝተፈላለየ ሓደጋ ዝጋለጽን ዘሎ መንእሰይ ደቂ ከበሳ(ክርስታያን) የለዉን ኢሉ ዝማጐት ሰብ ውን ጽሉል እንተዘይኰይኑ፡ ጥዕና ዘለዎ ሰብ ክኸውን ከምዘይክእል ብሩህ'ዩ ዝመስለኒ።

እቲ ሓቂ ግን፡ በሺር፡ ናይ ትምህርቲ ጕዳዩ ዓጢጥዎ ንሜዳ ኤርትራ ሲጊሩ ናብ ካርቱም ክኣቱ እንከሎ፡ እቶም ንሱ ዝኸሶም ዘሎ ደቂ ከበሳን ኮማንዱስን ኣብ ጐድኒ ኣሕዋቶም እስላም ኰይኖም ኣብ ኵሉ ስድሪ ናይ መሬት ኤርትራ ይስውኡን ይስንክሉን ነይሮም ኢዮም። ብሳላ መስዋእቲ ናይ መላእ ህዝቢ ኤርትራ፡ ሃገርና ናጻ ምውጽኣ ዝኽሕድ ሰብ ዘሎ ድማ፡ ብዘይካ በሺርን ብጾቱን ካልእ ዘሎ ኣይመስለንን።

ስለ'ዚ፡ ሓውና በሺር፡ ወይ ማይ ጨሎት ክሕጸብ ወይ ድማ፡ ካብ ናይ ፖለቲካ ዓለም ኣልጊሱ፡ ካልእ ንዕኡ ዝኸውን ስራሕ ደኣ ክረክብ ኣለዎ እምበር፣ ህዝቢ ብምፍልላይ ብዘይካ ሓዊ ምርኻዕ፡ ካልእ ፋይዳ ከምዘይብሉ፡ ካብ ናይ ሶምልያን ዒራቕን ተመኩሮታት ክመሃር'ዩ ዝግብኦ። እቶም ነዚ ባእታ'ዚ ኣቦ መንበር ኪዳን ክኸውን ዝሓጸይዎ ውድባት ድማ፡ ወይ ብሓሳብ ምስኡ ዝራኸቡ ወይ ድማ ጠሪሶም ዘይፈልጥዎ ኢዮም ክኾኑ ዝኽእሉ።

እቲ ፌደራላዊ ምንቅስቓስ ተባሂሉ ዝፍለጥ ውድቡ፡ ንኤርትራ ኣብ ሰለስተ፡ ኣውራጃታት (ከበሳ፡ ደንከል፡ ካብ ሰምሃር ክሳብ ጋሽ ሰቲት ዘሎ ድማ ብሓደ) ዝኸፍል፡ ኣብ ሃይማኖትን ዓሌትን እተሰረተ ፍልስፍናኡ ውን፡ መንቀሊኡ ንግደ ናይ ከበሳ ንምሕጻር ጥራሕ እምበር ካልእ ዕላማ ከምዘይነበሮ ሎምስ ግርም ገይሩ'ዩ በሪሁለይ ኣሎ።

ካብ'ዚ ቀጺለ፡ እታ ብለምለም ጽሃየ ዝተዋህበቶ መልሲ ንኸዘኻኽረኩም ኣተሓሒዘ እሰዳ ኣለኹ። እተን ካልኦት ጽሑፋቱ ውን፡ ዝረኸበን ሰብ እንደገና ንምዝኽኻር ኣብ መርበብ ሓበሬታ ክልጥፈልና ብትሕትና እሓትት።

## ኣብ ብመስትያት ዝተሰርሐ ገዛ ኰንካ እምኒ ምድርባይ ዘዋጽእ ኣይኰነን።

ብቐዳማይ "ኣብ ርእሲ ዋጣ ዘውጠጢ ኣይክዋጥን እንትርፎ ከውጠጢ" ኣብ ትሕቲ ዝብል ኣርእስቲ ታሪኽ ኮማንዶ ኣልዒሎም ፌደራልያ ንዝጸሓፍዎ መልሲ ሂበ ነይረ። ጽሕፍቶይ ናብ ኢንተርነት ምስ ለኣኽክዋ ብዙሕ ዝተረፈኒ ከም ዘሎ ዘኪረ። ዝዝክሮ እንተሎ ክፍትሽን ታሪኽ ክግንጽልን'ውን ተገዲደ። ኣብዚሓቶ ኣይትበሉኑ ደኣ'ምበር ክቡራን ኣንበብቲ ነቲ ዝተረፈ ሎሚ ክምልስ ኢየ። ኣብ ዝሓለፈ ሃጸይ ሃይለስላሴ ዘሰልጠኖም ኤርትራውያን ኮማንዶ ክሳብ'ቲ ምስ ጸላኢ ዝነበሩሉ እዋን ዝተጻወትዎ ኣሉታዊ ተራ ቀንዲ መዛረቢ ኰይኑ ቀንዩ ኢዩ። በዚ ይኹን ካልእ ዝሕበን ኤርትራዊ ዘሎ ከኣ ኣይመስለንን። ብዙሓት ካብኣቶም ኣብ ሰውራ ተጸንቢሮም ምቕላሶም ኣብ'ዚ ምዝርዛሩ ኣድላዪ ኰይኑ ኣይረኸቦን።

ሰውራና ዘጋጠሞ ዕንቅፋታት ግን እዚ ጥራሕ ኣይኰነን ብዙሕ'ዩ። ጌና ኣብ ዕሸሉ እንከሎ ዘጋጠሞ ዕጡቕ ሓይሊ ነጭ ለባሽ ወይ ባንዳ ብጨርቂ ዝበሃል ከም ዝነበረ'ውን ክንርስዖ የብልናን። ነዚ ግን ተሓኤ ብዘካየደቶ ቅኑዕ ፖሎቲካውን ዕጥቃውን ቃልሲ ብረቱ ኣንጻር ሰውራ ከም ዘየቕንዕ ብምግባር ኣምኪናቶ ኢያ። ነዚ ፈተነ'ዚ ምስ ፈሸሎ'ዩ ከኣ ሃጸይ ሃይለስላሴ ምስ እስራኤላውያን መሻረኽቱ ኰይኑ ኣብ ምስልጣን ኤርትራውያን ኮማንዶ ዝኣተወ። ዕላምኡ ነታ እስላማዊትን ዓረባዊትን ኢሉ ዝኸሳን ዘጸልማን ዝነበረ ተሓኤ እግራ ከይተኸለት እንከላ ንምጥፋኣ ኢዩ ነይሩ። ከም'ቲ ኣብ ዝሓለፈ ጽሑፈይ ዝጠቐስክዎ ነዚ ሓይሊ'ዚ ዘጋጠሞ ዕድል ኵልና ኣብ ቃልሲ ዝነበርና ንፈልጦ ኢና። ካብ'ዚ ሓሊፉ ሰውራ ኤርትራ ንምድኻም ገዛእቲ ስርዓታት ኢትዮጵያ ዘይተጠቐምምዎ ሸርሕን ሜላን ዘይፈንቀልዎ እምንን የለን። ነቲ ብሰንኪ ሳዕሪ ብላዕን መሳተያ ጥሪትን ዝተዕለ ንኡስ ግርጭት ህዝቢ ጸንዓ ደግለን ጦርዓን ከይተረፈ ወገናውን ሃይማኖታውን መልክዕ ኣትሒዞም ህዝቢ ነንሕድሕዱ ክፋልስዎ ፈቲኖም ኢዮም። ነቲ ጒዳይ ንምንህሃሩ'ውን ከደዓት ደቂ ሃገር ክሳብ ዝኣኽሎም ኣዋፊሮም ኢዮም። ግን ኣይተዓወቱን። ብዙሕ ዕንቅፋታት የጋጥማ'ኳ እንተ ነበረ ነዚ ግርጭት'ዚ ንምህዳእ ተሓኤ ብዙሕ ጻዕርታት ኣካይዳ ኢያ። እቶም ኣብ ሞንጎ'ዚ ክልተ ህዝቢ'ዚ ንዝተፈጥረ ዘይምቅዳው ንምህዳህ ተራ ዝተጻወቱ ስዉኣት ተጋደልቲ መሓመድ ኣሕመድ ዓብዱን ሓይለኣብን ካልኦትን ከይዘከርክዎም ክሓልፍ ኣይመርጽን። ምስጋና ከኣ ይኹኖም። ታሪኽ ሰውራ ኤርትራ ወትሩ ክዝክሮም ክነብር'ዩ።

ከምኡ'ውን ሰኣን ግቡእ ኣተኣላልያ ኣብ ሞንጎ ሰውራን ገለ ክፋል ካብ ህዝብናን ጕንጺ ሓሊፉ ሓሊፉ ይለዓል ምንባሩ ዝስሕቶ የለን። ሎሚ ተማሂርና ነቒሕና እናበልና ንንየት ብዙሓት ኢና። እቶም ቀዳሞት ፈለምቲ ገድሊ ግን እዚ ረኺብናዮ ዘለና ዕድል ስለ ዘይረኸቡ ምሁራትን ምዕቡላትን ነይሮም ክንብል ኣይንኽእልን። ስለ'ዚ ብክፍኣት ዘይኰነስ ሰኣን ፍልጠቶምን ተመኩሮኦምን ጌጋ ዝፍጽሙ ገለ ውሑዳት ምንባሮም ዝስሕቶ የለን። ሰውራ ንምድኻም ነዚ ጸላኢ ሕርሕራይ ገይሩ ክጥቀመሉ ይፍትንምንባሩ'ውን ኵልና ንፈልጦ ኢና። ብሰንኩ ይኹን ሰኣን ንቕሓቶም ገለ ካብ ህዝብና ግጉይ ስእሊ ሰውራ ክወስዱ ዝተራእዩ ኣይተሳእኑን። ካብ'ዚ ተበጊሶም ይኹን ነብሶም ንምድሓን ምስ ጸላኢ ዝጽግዑ'ውን ነይሮም ኢዮም። በዚ ኸም'ዚ ገለ ውሑዳት ካብ ደቂ ባርካን ኩናማን ክሳብ መወዳእታ ምስ ጸላኢ ጠጠው ዝበሉ ምንባሮም ከም ኣብነት ክንጠቕሶ

ንኽእል ኢና። እዚ ግን ነቲ ህዝቢ ባርካን ኩናማን ንሰውርኡ ዘበርከቶ ጠቕላላ ኣስተዋጽኦን ዝኸፈሎ ከቢድ መስዋእትን ፈጺሙ ኣይድምስሶን'ዩ። ድሕሪ ተሓኤ ብ1981 ተደፊኣ ንሱዳን ምእታዋ'ውን ዝተራእዩ ኣሉታዊ ምዕባሌታት ነይሮም። ኣቐዲሙ ስርዓት ደርጊ ፍሉይ ዞባዊ ምምሕዳር ኣብ ትሕቲ ዝብል ሽፋን ኤርትራ ከም ሓንቲ ኣሃዳዊት ሃገር ንምድምሳስ ፈቲኑ'ዩ። እዚ ድማ ንዓሰብ ካብ ኤርትራ ፈልዩ ምምሕዳራ ብቐጥታ ምስ ማእከላይ መንግስቲ ኢትዮጵያ ከም ዝተኣሳሰር ብምግባር'ዩ። ከም'ቲ ሽዑ ዝዕለል ዝነበረ ምናልባት ኤርትራ እንተ ኣምለጠትና ዓሰብ ሒዝና ንተርፍ ካብ ዝብል ሒሳብ ተበጊሱ ዝወሰዶ ስጉምቲ ከይኮነ ኣይተርፍን'ውን ይበሃል ነይሩ ኢዩ። ካሊእ ኣብ'ቲ እዋን'ቲ ዝዝዝርጋሕ ዝነበረ ገዲፍና እቲ ዝኸፍአ ንነጻነት ኤርትራ ዝሃደድ ተርእዮ ተቐልቂሉ ምንባሩ እዝክር። ንሱ ድማ ስርዓት ደርጊ ምስ ከዳዓት ደቂ ቦታ ተመሳጢሩ ክኣልሞ ፈቲኑ ዝነበረ ዞባዊ ምምሕዳር ቆላ ኤርትራ ኢዩ። ወዮ ደኣ ፈደራልያ ካሊእ ዓጢጥዎም ክንዮው ኣፍንጮኦም ክርእዩ ኣይደለዩን እምበር ካብ ሰልፊ ኮማንዶ እቲ ዝኸፍአ እዚ ሰራም ፈተነ'ዚ ኢዩ ነይሩ። ኣሃዱነት ኤርትራ ንምብታን ዝተገብረ ካልኣይ ፈተነ ደርጊ'ዩ ነይሩ። ገለ ካብ'ቶም ኣብ'ዚ ውዲት'ዚ ቀንዲ ተዋሳእቲ ዝነበሩ ክም ሃገሮም ኣብ ስደት ምህላዎም ንፈልጠ ኢና። ካልኦት ካብ ሓለንጊ ህግ ከምልጡ ዘይከኣሉ ግዳይ ሓለዋ ሰውራ ኰይኖም ዝተረፉ ኢዮም። እዚ ምንቅስቓስ'ዚ እውን ልክዕ ከም'ቲ ቅድሚኡን ድሕሪኡን ዘጋጥም ዝነበረ ተጻብኦታት ኣብ ቅድሚ ማዕበል ሰውራ ጠጠው ክብል ኣይከኣለን። ዝዕንግሎ ዝነበረ ስርዓት ደርጊ ምስ ተሳዕረ ብኡ ኣቢሉ ቅሂሙ ተሪፉዩ። ኣይትሓዙለይ ደኣ'ምበር ሕጂ'ውን ውድብኩም ሒዝዎ ዘሎ ማእከላይ ዕላማ ፈደራል ኣብ ትሕቲ ዝብል ምኡዝ ቃል ንኤርትራ ኣብ 3 ቋንቋዊ ዞባታት ክፈሊ ዝደሊ ዘሎ'ዩ ዝመስለኒ። ንሳተን ድማ ትግረን ትግርኛን ዓፋርኛን ዝዘረቡለን ክልታት ኤርትራ ኰይነን ኢየን ዝረኣያኒ ዘለዋ። ነዚ ብዓቕመይ ክምርምሮ እንከለኹ ዝዓብለለ ቍጽሪ ትግረ ዝዛረብ ህዝብና እስልምና ሃይማኖት ዝኽተል 85-90% ትግርኛ ዝዛረብ ህዝቢ ከበሳ ኤርትራ ክርስትና ዝኽተል ህዝቢ ዓፋር ከኣ 100% ምስልምና ዝኽተል ኰይኑ ረኺበዮ። እዚ ድማ ምስ'ቲ ንህዝቢ ኤርትራ ኣብ ሃይማኖታዊ ክልታት መቓቒልካ ሕጊ ሽሪዓ ተግባራዊ ንምግባሩ ገለ ወገናት ዘካይድዎ ዘለዉ ፈተነታት ዘሳኒ ዘሎ ኰይኑ ይስመዓኒ። ከም ዘሎኒ ሓበሬታ ኣብ ዝሓለፈ ኣኼባ ተቓወምቲ ውድባት ካርቱም ኩሉ ሓይልታት ሕጊ ሽሪዓ ካብ ቻርተርኤርትራዊ ደሞክራስያዊ ኪዳን ክለዓል ኣለዎ ኢሉ ክምጒት እንከሎ ወከልቲ ፈደራልያ ዲግዲጊት ተዓጢቖም ክለዓል የብሉን ብምባል ምስ'ቶም ነዚ ዕላማ'ዚ ከዐውቱ ዝጓየዩ ዘለዉ ሓይልታት ጠጠው ምባሎም ዝያዳ ኣረጋጊጹለይ በሃሊት'የ። ብካሊእ ወገን ምስ'ቲ ደርጊ ፈቲንዎ ዝነበረ ዞባዊ ምምሕዳር ቆላ ዝመሳሰል ምልክታት ዘለዎ ኰይኑ ከኣ ይረኣየኒ ኣሎ። ተጋግየ ዕላማኹም ዘይመልክዑ ይህቦ እንተልየ ክትእርሙኒ ድልውቲ ኢየ። ካብኡ ሓሊፉ መብርሂ ንህዝቢ ኤርትራ ክትህቡሉ ከድልየኩም ኢዩ።

ኣነ ካብ ኩሉ ዝገርመኒ እዚ ዝትሕዝቶኡ ዕላማ ሒዝኩም ኣብ ኣኼባ ተቓወምቲ ውድባት ካርቱም ምስታፍኩም'ዩ። ወይ ኣነ ኻሉ ለካስ ኣቦታትና "ሕማቕ ዘበን በዓል ጋዕሳ ኣለዋ" ዝብሉ ዝነበሩ ከም'ዚ ዝኣምሰለ ጕድ ምስ ኣጋጠሞም'ዩ።

ብሓጺሩ ሰውራ ኤርትራ ክሳብ ንቀጻልነቱ ከይተረፈ ዝሃደደ ዕንቅፋታት ኣብ ዝተፈላለየ እዋናት ኣጋጢምዎ ዝሓለፈ'ዩ። ነዚ ኩሉ ጠሓሒሱ ዝተዓወተ ሰዋራ ምኻኑ ከኣ ክንስሕቶ የብልናን። ሕጂ'ውን ነዚኦምን ከምዚኦምን ዝኣምሰሉ ንጐድኒ ገዲፍና ኢና ተቓውሞ ክጠራነፍ ኣለዎ ንብል ዘሎና ዝመስለኒ። ዝበደለን ዝተበደለን እንተሎ ድሕሪ ስርዓት ህግደፍ ምልጋሱን ህዝባዊ ደሞክራስያዊ ስርዓት ምምስራትን ነርክበሉ ኢና። ፍርዲ ዝህብ ህዝቢ ደኣ'ምበር ዝኾነ ውድብ ወይ ውልቀሰብ ከም ዘይኮነ ክንስሕቶ የብልናን።

ለምለም ጸሃየ
31 ጥሪ 2005